
    

# ንስኻ ወይ ካልእ ንስኻ ትፈልጦ ሰብ ግዳያት ናይ ገበን ኾንኩም ዲኹም?

ኣብ ማእከል ግዳያት ገበን ሓገዝን ሓበሬታን ትረክብ። ንሕና ጽን ኢልና ንሰምዓካ፣ ምኽሪ ንህበካ፣ ብዛዕባ ሕጋዊ መስርሕን ኣየኖት መሰላት ከም ዘለዉኻን እውን ንሕብረካ።

ማእከል ግዳያት ገበን፡ ንግዳያት ገበን፣ ምስክራትን መቕርብን ሓገዝ ዝህብ ሓደ ናይ ግብረ ሰናይ ማሕበር  እዩ። ንህቦ ሓገዝ ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ። ኣብ ልዕሌኻ ዝተፈጸመ ዓይነት ገበን ብዘየገድስ ሓገዝ ትረክብ። ዋላ’ውን ናብ ፖሊስ እንተ ዘይኣመልከትካ። እቲ ንዓና ትነግረና ንኻልእ ሰብ ኣይነግርን ኢና።

ማእከል ግዳያት ገበን መንግስታዊ በዓል መዚ ኣይኮነን። ከምኡ’ውን ማሕበርና ምስ ናይ ሰልፊ ፖለቲካን ሃይማኖትን ምትእስሳር የብሉን። ምስ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ብድልየቶም ዝሰርሑ ዝተማህሩ ብጾት ኳንና፡ ንነፍስ ወከፍ ምሳና ርክብ ዝገበረ ግዳይ ገበን፣ ምስክርን መቕርብን ንሕግዝ። ሰብኣዊ መሰላት መሰረት ናይ ስራሕና እዩ።

ማእከል ግዳይ ገበን፡ ብኣብ ምሉእ ሃገር ዘለዋ ዞባውያን ማእከላት ግዳይ ገበን፣ ሓደ ናይ ማሕበር ቤት ጽሕፈትን ብነጻ ናብኡ ክትድውለሉ ትኽእል ሓደ ሃገራዊ መስመር ተለፎንን ዝቖመ እዩ። ናብ ሃገራዊ መስመር ተለፎን ንስኻ ሽወደንኛ ወይ ኢንግሊዝኛ ትዛረብ፡ ንምሕታት፣ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ምስ ሓደ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ማእከል ግዳይ ገበን ዝሰርሕ  ሰብ ርክብ ንምግባር ክትድውል ትኽእል።

ማእከል ግዳያት ገበን ብብዙሕ ዝተፈላለየ ቋንቋታት ሓገዝ ይህብ። ብቋንቋኻ ሓገዝ ንህብ እንተ ኳንና ንምፍላጥ ኣብ www.brottsofferjouren.se/spes ርአ። ብሽወደንኛን እንግሊዝኛን ንምዝርራብ ናብ ናትና ሃገራዊ መስመር ተለፎን 116 006 እውን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

# ሓይልኻ ዝመልሰልካ ሓገዝ

ማእከል ግዳይ ገበን ነዚ ዝስዕብ የወፈ፡-
- ብጻያዊ ሓገዝ ናይ ሓደ ጽን ኢሉ ዝሰምዕን ዝርዳእን ሰብ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ፖሊስ ምምልካት፣ ሕጋዊ መስርሕን ናይ ካሕሳ ሕቶን
- ሓገዝ ምናልባት እቲ ጉዳይ ናብ ፍርዲ እንተ ቐሪቡ።
- ሓገዝ ኣብ እዋን ርኽብ ምስ ሰበ ስልጣናትን ትካላት መድሕንን

ንህቦ ሓገዝ ኣይክፈሎን እዩ። ከምኡ’ውን ብብዙሓት ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል። ናብ ፖሊስ ኣመልኪትካ ምንባር ኣየድልየካን እዩ።
ብዝያዳ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ኣንብብ፡-
www.brottsofferjouren.se/spes

BROTTSOFFER JOUREN 116 006